# ናይ ዘመና ለምጺ

## ንባብ፡ ማር 1፡40-45

አብ ኩሎም ወንጌላውያን ሓደ ካብቲ አብ ህዝቢ ብዝያዳ ዘፍልጠ ዝነበረ ንዝተፈላለየ ሕማም ንዝሓመሙ የሕዊ ስለ ዝነበረ እዩ። ብዙሓት ብባዕሎም ወይ ብሰባት ተሓጊዞም ክሓውዩ አብኡ ይመጽኡ ነሮም። ለምጻማት፥ ልቡሳት፥ ጋኒን ዝሓዞም፥ ጽማማት፥ ዓባሳት እዝን ካልእን ዝሓመሙ አብኡ ይመጽኡን ይሓውዩን ነሮም። ኢየሱስ ነቶም ምእምነት ዝቐርብዎ ንዝነበሩ የሕውዮም ነሩ። ሰብ ብሕማም ምስ ማሰነን ተሳቐየን አብ ዘሕውይዎ ሓካይም ፈላጣት ዝበሎም ከምኡ ማጨሎት አብ ዝተፈላለየ ናይ መብጽዓ ገዳማት ይኸይድ ኮታስ ኩሉ ዝክአሎ ይገብር። ጥዕና ክንስእን ከሎና ስቓይ ጭንቀት ከምኡ ቍጠባውን ማሕበራውን ጸገማት ዘምጽእ ስለ ዝኾነ ካብኡ ክንወጽእ ዝክአለና ንገብር። ስለዚ ክትሓዊ አብዘሕዊ ምኻድ ግድን ኢዩ።

ማርቆስ ወንጌላዊ ሓደ ለምጻም ከምዘሕወየ ይነግረና። ኢየሱስ ንሓዋርያቱ ክልእኮም እንከሎ ንሕሙማት አሕውዩ ንለምጻማት አሕውዩ (ማቴ 108) እናበለ ልኢክዎም። አብ ቅ. መጽሓፍ እንተ ርአና ለምጻማት ካብቶም ብዝያዳ ዘደንግጹ ሕሙማት ከምዝነበሩ ንርኢ። ሰለስተ ዓይነት ለምጺ አሎ፡

1. Nodular or tubercular leprosy አብ መላግቦታት ቃንዛ ብምግባር ዝጅምር ድሓር አብ ሰውነትካ ዝዝርጋሕ ብፍላይ አብ ሕቼ። አብ ምዕጉርቲ አፍንጫ ከምኡ አብ ግባርካ ወጺኡ ቀስ ብቐስ አብ ምሉእ ገጽ ተዘርጊሑ ንኹሉ መልክዕካ ዝጽይቕ ብርቱዕ ቃንዛ ስቓይ ዘልአ እዩ። ኲሉ ይቐስል አብ መጨረሻ አብ ውሽጢ ትሽዓተ ዓመት ይቐትለካ። እዚ ዓይነት ዝሓመመ ንርእሱን ንኻልአትን ብቐሊል ይላባዕ ስለዚ ካብ ሰብ ይፍለ።
2. Anaesthetic leprosy አብ ምጅምር ምስቲ ቀዳማይ ዝመሳሰል እዩ። አብዚ ጅማውቲ የቐንዝዉ። በዚ ዝተተንከፈ ክፍሊ አካላት ዝዝኾነ ስምዒት የጥፍእ። ክፉእ ናቱ ከይተፈልጠ ንቡዙሕ ጊዜ ይጸንሕ። መጠን ዝዓበየሉ ሕብሪ ሰውነትና አካላት ይቕየር። ሰውነት ይለምስ አእዳው አእጋር ይጨባበጥ። ቀስ ብቐስ አጻብዕን አእጋርን ይቆራረጽ። እዚ ዓይነት ዝሓመሙ ካሳብ 20 ወይ 30 ዓመት ክጸንሑ ይኽእሉ።
3. እቲ ሳልሳይ ዓይነት ካብ ክልቲኦም ዓይነት ዝተሓዋዌሰ እዩ። አብ ጊዜ ኢየሱስ ናይ ከምዚ ዓይነት ለምጺ እዩ ነሩ ብብዝሒ። ለምጺ ዝብል አብ ጊዜ ኢየሱስ ንዝኾነ ሕማም ቆርበት ከምኡ ካልእ ሕማማት ንእኡ ዝመስል ዘጠቓለለ እዩ። ስለዚ ዝኾነ ናይ ቆርበት ሕማም ከም ናይ ለምፊ እዩ ዝርአ ነሩ። በዚ ኩሎም ካብ ሕብረተሰብ ይግለሉ ነሮም።

አብዚ ዘሎናዮ እዋን ሕማም ለምጺ ዳርጋ ካብ ምሉእ ዓለም ጠፊኡ እዩ፥ አብ ገለ ሃገራት አፍሪቓ አሎ ይብሃል። አብ ሃገርና ነሩ ግን ሳላ ሃንሰንያንስ ዝብሃሉ ፍሉያት ሓከምቲ እዚ ሕማም ጠፊኡ እዩ። እቲ ዝኸፍአ ካብቲ ሕማም አብ ሕብረተሰብ ዘሎ ርድኢት እዩ። አብ ቤተ ክርስትያን ከይተረፈ ብፍላይ አብ ካልአይ ክፍለ ዘመን ነዚ ሕማም ዝሓመሙ ካህን ለቢሱ መስቀል ጸሩ ንኹሎም ለምጻማት አብ ቤተ ክርስትያን ይወስደም ፍትሓት ሙታን የብጽሓሎም፥ ለምጻማት ከም መይቶም ዘለዉ እዮም ዝሕሰቡ፥ ዝሞቱ ግን ዘለዉ። ጸሎም ክዳን ክኽደኑ አለዎም። አብ ቤተ ክርስትያን ክመጽኡ አይክአልን። አብ ርእሲ ዘልኦም ስቓይ እቲ ዝኸበደ አብ አእምርኦም ዝፈጥሮ ስቓይን ካብ ሕብረተሰብ ዘልኦም ተነጽሎን እዩ። እዚ ሎሚ ወላ እኳ በቲ ሕምማ አይኹን እምበር ብዙሓት ዝሳቐዩሉ ዘለዉ ስቓይ።

አብ እዋን ኢየሱስ አፍልጦ ብዛዕባ ለምጺ ወላእኳ ድሩት ይንበር ብቐሊል ዝላገብ ከምዝኾነ ይፍለጥ ነሩ በዚኸአ ዘፍርሕን ዘሳቕን እዩ ነሩ። እታ እንኮ ፍታሕ ነዚ ሕማም ዝሓመመ ሰብ ካብ ሰብ ምፍላዩ ብዝኾነ

ምኽንያት ኣብ ሰባት ከይቀርብ ወይ ከይትቐርብ ምኽልካል እዩ። ከምቲ ኮቪድ ዝሓመመ ሰብ ካብ ሰብ ጨሪሹ ዝፍለ ዝነበረ እዩ። ብዙሕ ዓይነት ሕማማት ተላገብቲ ምስ ዝኾኑ ብእኦም ዝተታሕዙ ሰባት ካብ ሰብ ክፍለዩ ኣለዎም ምኽንያቱ ብቐሊል ንኻልኦት ከይብክሉ። ሕማም ለምጺ ኣብ ርእሲ እቲ ሰውነትካ እናቐራረጸ ዘሳቕየካን ዝቐትለካን እቲ ዝገደደ ኣብ ሰብ ክትሕወስ ኣይክኣልን ዝተነጸልካ ኣብ ብዓቲ ኢኻ እትነብር፥ ብኹሉ ዝተነዓቕካ ዝትሓትካ ሰብ ኢኻ/ ቆልዑት እንተ ረኣዩኻ ኣእማን ይድርብዩልካ፥ ዝገደደ ሰብ ምስ ረኣኻ ለምጻም እየ ካባይ ርሓቑ ክትብል ኣሎካ፥ እዚ ኹሉ ተነጽሎ ፍርሒ ስቓይ ይፈጥረልካ። ከቢድ ሕማም እዩ። ንለምጺ ዝሓመመ ዝትንክፍ ሰብ ስለ ዝለገቦ ከምኡ እዩ ዝርእ።

ካልእ ዘሕዝን ነገር ከአ ብዙሓት ከም ለምጻማት ዝቑጸሩ ግን እቲ ሕማሞም ለምጺ ዘይኮነ ዘይላገብ ከንሱ ከምኡ እዩ ዝሕሰብ፥ ከም ካንሰር መንሽሮ፥ ዝተፈላለየ ዓይነት ቁስሊ፥ ናይ ቆርበት ሕማም (ገሊኡ psychosomatic ናይ ኣእምሮን ሰውነትን ምግርጫው ዝፈጥሮ ሕማም )። ናይ እዚ ሕማም ከምዘሎካ ዝገልጽ ምልክታትን መግለጽን ኣብ ሌዋውያን 13 ብዝርዝር ተገሊጹ ንረኽቦ። ኣብዚ ዘሎናዮ ዘመን ክንርእዮ ከሎና እዚ መግለጺ ኣረጊት ርድኢት እዩ። ግጉይ ርድኢት ዝዓብለሎ እዩ ነሩ። እቲ ቀንዲ ዘተኩሮ ከመይ ኢልካ ካብዚ ሕማም ነጻ ትኸውን እምበር ነቶም ዝወረዶም ከመይ ኢልካ ከም እትድንግጸሎምን ትሕግዞምን ኣይኮነን።

እዚ ኣብ ወንጌል ማርቆስ ዝንገረና ለምጻም ዓቢ እምነት ኣብ ኢየሱስ ከምዝነበሮን ከምኡ ንኽሓዊ ዘኽእሎ ምቹእ ኩነታት ከም ዝነበሮ ይንገረና። ፍቓድካ እንተ ኾይኑስ ከተንጽሓኒ ትኽእል ኢኻ እናበለ እምነቱ ገሊጹ። ንሱ ዝብሎ ይፈልጥ እዩ ምኽንያቱ ብዘይጥርጥር ባዕሉ ርእይዎ ኣሎ ወይ ክአ ኻልኦት ዝተገብረሎም ሰሚዑ ኣሎ። ኢየሱስ ከሕውዮ ከምዝኽእል ምሉእ እምነት ነርዎ ግን ድላዩ ክኸውን ኣለዎ። ኣምላኽ ክምሕረና ናትና ድለት ዓቢ ተራ ኣለዎ። እቲ ብዘይድላይና ዝፈጠረና ኣምላኽ ብዘይድላይና ኣይምሕረናን እዩ (ቅ. ኣጎስጢኖስ)። ክንሓዊ ክንምሓር ክንእመን ክንጥዓስ ክንኣምን ኣሎና። ኣብ መንበረ ንስሓ ምቕራብ የድልየና። ሽዑ ኣብ ኢየሱስ ምቕራብ።

ኢየሱስ ነዘን ቃላት ምስ ሰምዐ ንልመናኡ ወይ ምሕጽንትኡን ብርቱዕ ፍቕሪ ኣርኣዮ። ኣብ ወንጌል ማርቆስ ሓደ ካብቲ ፍሉይ ዝገብሮ ንስምዒት ኢየሱስ ብዝያዳ ኣትኩሩ ይጠቕሶ፥ ኣብ ማቴዎስ እውን ሕልፍ ሕልፍ ኢሉ ይጠቕሶ እዩ። ኢየሱስ ኣብ ልዕሊ እዚ ለምጻም ዘርኣዮ ርሕራሔ ፍቕሪ ምድንጋጽ እዩ እምበር ናይ ምምሳኻን ይዋእ ዝብል ግዳማዊ ድንጋጼ ኣይኮነን። ብልቡ ደንጊጽሉ እዚ ግን መስኪናይ ሕማቕ ረኺቡ ኢሉ ዝሓለፎ ዘይኮነ ነቲ ናይ እቲ ለምጻም ስቓይ ከምናቱ ወሲድዎ ምስኡ ተሳቒዩ። ስለዚ ኢየሱስ ኣብ ሰባት ዘርእዮ compassion እምበር pity ኣይኮነን። Pity ንሰባት በቲ ዝረኸብዎም ሕማቕ ይስምዓና ሕማቕ ረኺቡ/ባ ንብል ግን ብዙሕ ከም ናትና ኣይንወስዶን ወላ እውን ክንሕግዝ ኣይንዋሳእን፥ ኣብ compassion ግን ኣብ ስምዒታት እቲ ሰብ ንኣቱ በቲ ወሪድዎም ዘሎ ብልቢ ንሓዝን ንሳቐ ብምሉእ ንርዳእን ንቕባልን። ኢየሱስ በዚ እዩ እቲ ክትርድኦ ወይ ክትሓስቦ ዘይትኽእል ዝገበረ። ከንጽሖ ፍቓደኛ ጥራሕ ዘይኮነ ኢዱ ዘርጊሑ ተንከዮ። እዚ ምትንካፍ ናይ ኢየሱስ ብገዛእ ርእሱ ናይ ምሕዋይ ኣገባብ እዩ። ፍቓደይ እዩ ንጻሕ ኢልዎ። እቲ ሰብኣይ ሽዑሽዑ ሓውዩ።

ንኢየሱስ ምትንካፍ ከም ዘሕዊ ብተደጋጋሚ ኣብ ወንጌል ንረኽቦ። እታ ደም ዝፈሳ ዝነበረ ሰበይቲ ንዘፈር ክዳኑ ምስ ተንከፈት ሓውያ (ማቴ 9፡20-22፥ ማር 5፡25-34)፥ ነቶም ዕዉራት ብኢዱ ምስ ተንከፎም ይሓውዩ ነሮም (ማር 8፡22-26)፥ ነቲ ሬሳ ወዲ መበለት ምስ ተንከፎ ተንሲኡ (ሉቃስ 7፡ 14-15)። ሎሚ ኢየሱስ ኣሕሚሙና ንዘሎ ከሕውየና ክትንክፈና ንዓድሞ። ደረቑ ዘሎ ልበይ ተንክፎ ንበሎ። ክንቅየር ክንሓዊ ምእንቲ።

እዚ መወዳእታ ናይ እቲ ፍጻሜ ኣይኮነን እቲ ሰብኣይ ምስ ሕብረተ ሰብ ክሕወስ ኣለዎ። እዚ እቲ ካልኣይ ክፍሊ ናይ እቲ ምሕዋይ እዩ። ኺድ ርእስኻ ንካህን ኣመርምር ንኣኣቶም ምስክር ምእንቲ

ክኾኖም ክአ ክንዲ ዝነጻሕካ እቲ ሙሴ ዝአዘዞ ናይ ምስጋና መባእ አቕርብ እናበለ ነገሮ። ሽዑ ንሶም ክምርምርዎ እዮም ድሕሪኡ ንሱ ከምዝነጽሐን ምስ ሕብረተሰብ ክሕወስ ከምዝኽእል ምስክርነት ክህብዎ እዮም እዚ እንተ ዘይገበረ ግን ወላ እንተ ሓወየ ክሕወስ አይክእልን እዩ። ሓደ ኃጢአተኛ ክንሳሕ አብ ካህን ክቐርብ አለዎ ካህን ከአ ይፈትሖ እሞ ምስ ማኅበር ይሕወስ፥ አብ ሥጋኡን ደሙን ይሳተፍ። ሎሚ ምስ ቤተ ክርስትያን ክንሕወስ አብ መንበረ ኑዛዜ ቀሪብና ንናዘዝ ንቑረብ ሽዑ ምስ ህዝበ እግዚአብሔር ክንጽንበር ኢና።

ካልእ ዝተዋህቦ ምሕጽንታ ንሓደ እኳ ኸይትነግር ተጠንቀቕ እናበለ ብብርቱዕ አጠንቂቑ አፋነዎ። ኢየሱስ በቲ ዝገበሮ ናእዳን ህቡብነትን ይደሊ አይነበረን። እንተኾነ ሓደ ካብ ከምዚ ዝበለ ክፉእ ሕማም ዝነጽሐ ከመይ ኢሉ ከይነገረ ሱቕ ክብል ይኽእል። ወጺኡ ብብዙኅ ኪሰብኽን ኬውርን ጀመረ። ሰባኽይ ኮይኑ፥ ነቲ ሰናይ ዜና ክዝርግሕ ጀመረ፥ እዚ ኸአ ኩልና ክንገብሮ ዝተሓረናሉ እዩ።

እንታይ አሎ ካብ ተመክሮና ዘርአናዮ ካብቲ ካብ ኢየሱስ ዝረኸብናዮ በረኸት? አብ መንጎና ርእይ አቢላን ስለምንታይ እየ አነ ናይ እዚ ሰብ ድንጋጼ ወይ ሓልዮት ዘይብለይ ንበል? ክነስተብህለሉ ዘሎና ሰባት አብ ሕማቕ ዝርከቡ በቲ ዝወረዶም ከቢድ መስቀል እዩ። ብዙሕ ጊዜ መስቀል አብ ዝወረዶ እዩ ጸጋ አምላኽ ዝግለጽ። ገለ እዋን ወሪዱና ዘሎ ብናይ ሰባት ዘፍርሕ መስኪን ዘብል ክኸውን ይኽእል እዩ ግን አብ ዓቢ ጸጋ አምላኽ ዝወስድ ክኸውን ይኽእል እዩ።

እቲ ሰብአይ አብ ኩሉ ስለ ዘውረየ ኢየሱስ እንደገና አብ ጽሙው ቦታ ሰባት ክረኽብዎ አብዘይክእሉ ግልል ኢሉ። ኢየሱስ ሆሆታን ዋዕዋዕታን አይደልን እዩ ንሱ ዝደልዮ እሙናት ሰዓብቲ እዩ ዝደሊ። ክሳብ ብምሉእ ንሱ መን ምዃኑ ዝፍለጥ ካብኦም ክኽወልን ክርሕቕን እዩ መሪጹ። እዚ ዝኾነሉ ንሱ አብ መስቀል ተሰቒሉ ምስ ሞተ እዩ (ማር 15፡39) ዝኾነ።

ቅድሚ ምዕጻውና መን እዮም ናይ ዘመና ለምጻማት? አብዚ እንነብሮ ዓለም ብዙሓት ካብ ሕብረተሰብ ካብ ስድራ ካብ ወገኖም ብዝተፈላለየ ምኽንያት ዝተገለሉ አለዉ። እዚኦም ከአ ስደተኛታት ወረቐት ዘይብሎም፥ ሕማቕ ወልፊ ድራግ፥ መስተ፥ ዝሙት፥ ቁማር፥ ሕማቕ ስእልታት ምርአይ፥ ገዛ መጽለሊ ዘይብሎም ወዘተ እዚኦም አብ መንጎና ዝርከቡ ናይ ዘመና ለምጻማት እዮም። አብ ገዛእ ርእስና ንመለስ እሞ ዘሎና አረአእያ ክንቅይር ፍቓደኛታት ንኹን።

ዘሎና ለምጺ አለሊና ክንሓዊ አብ ኢየሱስ ንምጻእ። ሽዑ ክንሓዊ ክነጽሕ ኢና። አብዚ ወንጌል እቲ ለምጻም ካብሰብ ዝሃድም አብ በረኻ አብ ብዓቲ ዝነብር ዝነበረ ኢየሱስ ስለ ዘሕወዮ ዓዲ አትዩ ምስ ሰብ ተሓዊሱ፥ ኢየሱስ ግን ካብ ሰብ ሃዲሙ ንበረኻ ከይዱ እዚ ዘመልክቶ ነቲ አምላኽ ንአና ዝገብረልና እዩ፥ ንሱ ንኃጢአትና ይቕበሎ ንሕና ዓዲ ክንአቱ ምእንታና መይቲ ሓሚሙ፥ አነን ስንኹም ክንድሕን ኢሉ ሕማምና ጾሮ ስለዚ ኢየሱስ ዝገብረልና ርኢና ክንሓዊ ንቕረቦ ንለወጥ አብ ሕማም አይንንበር።

ኦ ኢየሱስ ፍቓድካ እንተ ኾይኑ ክተሕውየኒ ትኽእል ኢኻ ንበሎ።
ነዚ የብቅዓና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ።